# ኣደይ ዘይነብን ሻበላይን

ኣደይ ዘይነብ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብ27 ጥሪ ብሞት ተፈለየን። ጽንዓትን ተወፋይነት ኣደይ ዘይነብ ከም'ተን ካልኦት ኣደታት መወዳድርቲ ዘይብሉ ምንባሩ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚ ብህ.ግ.ሓ.ኤ ዝተሓተም ቪድዮታት ተቐሪጹ ኣሎ።

ኣደይ ዘይነብ ኣብ ልዕሊ ምኩሕ ሰራዊት ጸላእን ምልካዊ ስርዓት ደርግ ዝነበረን ኣረኣእያን፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ድማ ንመኸተ ቃልሲ ነጻነት ዝነበረን ቅሩብነት ክገልጻ ክእለተን ርኡይ እዩ ዝነበረ።

ድሌትን ትጽቢትን ኣደይ ዘይነብ ግን ጸላኢ ካብ ኤርትራ ብሓይሊ ጸራሪግካ ንምጥፋ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ'ታ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን፡ ሕውነትን ስኒት ሃገራውያን'ውን ክህሉ ኣብ መደረታተን ክስማዕ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብዙሓት ከም ኣደይ ዘይነብ ተቃሊሶም ዘቃልሱን ከም ዝነበሩ ብዙሓት ኣብ ዘዝነበርክምሉ ቦታታት ከም ዘጓነፍኹም ርጉጽ እዩ። እሞ ደኣ ህ.ግ.ደ.ፍ ነቲ ኩሉ ኣደይ ዘይነብ ዝብልኦን ኣሚነን ዝቃለሳሉ ዝነበራ ኣበይ ኣሎ። ጉዳይ ሓድነት፡ ጉዳይ ሰላም፡ ዕብየትን ምዕብላናን ማሕበራዊ ፍትሒ ዘርዚርካ ዘይውዳእ እዩ።

ሎሚ ህ.ግ.ደ.ፍ ንትብዓትን ጽንዓትን ኣደይ ዘይነብ ከም ጽንዓት ህ.ግ.ሓ.ኤ ገቢሩ ንምቕራብ እዩ ዝፈታትን ዘሎ። ጉዳይ ኣደይ ዘይነብ ንህዝብን ታሪክን ዝግደፍ እዩ።

ሓደ ታሪኽ ከዘንትወልኩም

ዓብደላ ሻበላይ ኣብ 1978 ኣብ ኣፍ ጨዋ (ገደበቼ) ረኺበዮም። ቅድሚ ኣብ'ቲ ቦታ ምንቕስቓሰይ ድማ ኣብ ተበሕ ዓራግ ታሪኾም እሰምዕ ነበርኩ። ሻበላይ ካብ ሱሳታት ኣትሒዞም ኣንጻር ዝኾነ ደኹን ማሕበራዊ ፍትሒ ብዓይብዩ ድማ ጸረ መግዛእቲ ወሲኖም ክቃለሱን ኣብ ጎድኒ ደቆም ኮይኖም ድማ ዝከኣሎም ደገፍን ጽንዓትን ወፍዮም እዮም።

ሻበላይ ሓደ ካብ'ቲ ሕሱም ዝሓለፍዎ ተመክሮኦም ክገልጹ እንከለዉ ሓድሕድ ኲናት ከም ዝነበረ ይዛረቡ። በቲ እዋን ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ጎቦታት ምስ በዓል ስውእ ማሕሙድ ሓሰብን፡ ተስፋይ ተኽለን ይጓየዩን ይዛረቡን ከም ዝነበሩ ይገልጹ።

ልዕሊ ኩሉ ዝገርምን ዝሕብንን ድማ ሻበላይ ዝነበርዎ ከባቢ ህ.ሓ.ሓ.ኤ ዝንቀሳቐስሉ ብምንባሩ እቲ መብዛሕትኡ ገበር ኣብ ትሕቲ ህ.ሓ.ሓ ዝነበረ ኮይኑ በዓ ልቲ በይቶም ንሻበላይ'ውን ጽንዕቲ ኣባል ህ.ሓ.ሓ ነበራ። ግን ሻበላይ ኣብ በዓልቲ በይቶም ብዙሕ ኣኽብሮትን ነይርዎም።
ግን ከኣ ርእይቶኦምን እቲ ዝሓሸ ዝብልዎ መርገጽን እምንቶ ካብ ምግላጽ ዝኸልክሎም ኣይነበረን። ሻበላይ እታ ከም ማንም መለሻ ንመሓለዊት ዝተዋህበቶም ካላሽን ጸይሮማ ኣይፈልጡን ብዘይካ ሴፍን በትርን።

ሻበላይ ንምእንቲ ድሕነት ሃገርን ሰውራን ናብርኦም ኣወንዚፎም ኣብ'ቲ ብጻሕን ክግበሮን ዝተባህልዎ ቦታ በጺሖምን ግቡኦምን ፈጺሞምን እዮም። ሻበላይ እቲ ኣብ ግቡኦም ንምፍጻም ዘለዎም ቅርብነት ጥራሕ ዘይኮነ ልውሃትን ሕያውነትን፡ ዕላልን በዓል ታሪኽ'ውን እዮም ዝነበሩ።

ሻበላይ ብባህላዊ ኣከዳድንኦምን፣ ጽርየቶም ምስ'ቲ ቅይሕን ቁመትን ማእከላይ ቅርጺ ሰውነት፣ ምስ ዕድሜኦም ዝሃቦም ግርማ ብሓቂ ክሳብ ሕጂ ንዝፈልጥዎም ካብ ዓይኖም ከም ዘይፍለዩም እርዳኣኒ።

ንተጋደልቲ ተባሂሉ ጤል እንተወሰዱ በዓልቲ በይቶም ድማ ንህ.ሓ.ሓ. ድማ ጤል ትግብኦም እያ ብማለት ካብ'ቲ ገዛ ክልተ ኣጣል ደኸዳ ከም ዝነበራ ይፍለጥ። እንተኾነ ሻበላይ በቲ ድሑር ባህሊ ዝተጸልዉ ዕግርግርን ኣምባጓሮ ዘይፈትዉን ብምንባሮም ብኣኽብሮት ጥራሕ እዮም ዝርእይዎ ዝነበሩ።

ሻበላይ ኣብ'ቲ ዝኣምንሉ ውድብ ክሳብ ንመራሕቲ ከየተረፈ ዝነቐፉን ጉድለታት ተፈጺሙ ዝብልዎ ብዘይፍርሒ ክዛረቡ ሰሚዔን ርእየን። ንምእንቲ እቲ ዝውክልዎ ገባራይ ክዛረቡን ክሳብ ዝብጻሕ ክበጽሑ ርእየ።
ሻበላይ ነቲ ዝበዝሐ ከባቢ ኣፍላግን ኣግራዕን ዝነበረ ክሳብ ደቡባዊ ፈልከት ዝነበረ ገባራይ ጠርኒፎም ዘቃለሱን፣ ንህዝቦም ሰሚያም ሓንቲ ለይቲ ችኹን እታ ሽግር ክሳብ ትፍታሕ ድቃስ ዘይወስዶም ከም ዝነበሩ ኩሉ ዝምስክረሎም እዮም።

ሻበላይ ሓደ ካብ ንማሕበር ሓረስቶት ወኪሎም ኣብ'ቲ ሃገራዊ ጉባኤ ማሕበር ሓረስቶት ኣብ መንደፈራ ከም ተሳቲፎም። ድሕሪ ጉባኤ ድማ ንኩሎም ገባሮ ብስርዓትን ዕልን መልእኽቶም ኣብጺሖም።

ሻበላይ ሓደ ካብ'ቶም ድሕሪ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ቀይዲ ህ.ግ. ዝኣተውን ኣብይ ከም ዘለዉ ዘይፍለጡ ሃገራዊ እዮም። ታሪኽን ተወፋይነት ሻበላይ ጸብጺብካን ጽሒፍካን ኣይውዳእን እዩ።

ሎሚ ሓርበኛዊት ኣደና ወይዘሮ ዘይነብ ሑሴን ምስ ጸላኢ ዝነበረን ጽንዓት ጥራሕ ዘይኮነስ ህ.ግ.ደ.ፍ መብጽዓታቱ ከም ዝጠልም'ውን ኣብርሂን እየን። ድሌተን ክገልጻ፣ ድሌተን ከም ዘየረኸባ እንሆ እዚ ሎሚ ዘሎ ኣካይዳ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝምስክሮ እዩ።

ህ.ግ.ደ.ፍ ንምንታይ ብዛዕባ ሞት ሓርበኛዊት ኣደይ ዘይነብ ይዛረብ ኣሎ ፍሉጥን ርዱእን እዩ።
ህ.ግ.ደ.ፍ ጉዳይ ኣደና ዘይነብ ልዕሊ እቶም ልክዕ ከም ኣደይ ዘይነብ ታሪኽ ዝፈጸሙ ሓርበኛታት ሃገራውያን ኣገዲስዎም ኣይኮነን።

እቶም ታሪኽ ዝፈጸሙ ሃገራውያን ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራሕ እዮም ዝመርጽዎም። ክሳብ እታ ዕጫ ትበጽሖም ድማ ተደፊኖም ይነብሩ። ገገለ ድማ ታሪኾም ከይተፈልጠ ከም ዝነብር ክገብርዎ ይፍትኑ።

ኣደይ ዘየነብ ነዚ ኣድልዎ ዘለዎ ኣገባብ ኣሰራርሓ ህ.ግ.ደ.ፍ ክዛረባሉ ዕድል እንተዝረኸባ ነይረን ብሓቂ እንታይ ከም ዝብላ፣ ካብ'ቲ ዝሓለፈ ጽንዓት ተመክሮአን ኣተኣሳሰሪካ ፍትሕን ሰላምን ከም ዝብላ ክፍለጥ ይከኣል።

ህ.ግ.ደ.ፍ ክሳብ ዘለዉ ድማ ታሪኽና ብጭርምራም ክንሰምዖን ክንርእዮን ገይሩ ኣሎ።

**ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና**

**27 ጥሪ 2005**

**ኣንቶንዮ ተስፋይ**